# ፮ይ ሰንበት ክረምት

## ሓምለ 30 2015 ዓ.ም. (8/6/2023)

ንቅዱስ መጽሓፍ ክነንብብ ከሎና አምላኽ ይዛረበና፥
ክንጽሊ እንከሎና ንአምላኽ ንዛረቦ (ቅ. አጎስጢኖስ)።

መዝሙር፡ በሰንበት ቦአ ኢየሱስ ምኵራቦሙ ለአይሁድ...ኢየሱስ ብሰንበት አብ ቤት ጸሎት አይሁድ አተወ ሰንበተይ አኽብሩ እናበለ መሃሮም፥ብሰንበት አጋንንቲ አውጽኤ ብቓሉ ንለምጻማት አንጽሔ ብሰንበት አብ ምድሪ ጡፍ ኢሉ ጭቃ ገበረ ብጥፍጣፉ ንዕዉር አሕወየ፥ዘራእን ዓጻድን ብሓንሳብ ምእንቲ ክሕጎሱ አብ ኵላ ምድሪ አብ ኵላ ወገን አብ ዘድሊ ቦታ ዘበለን ንደመናታት ዝናብ ከውርዱ አዘዞም፥ ምድሪ ኸአ ርእያ አመስገነቶ ባሕሪ ድማ ሰገደትሉ።

ንባባት፡ ቆላ 1፡15-20፥ ያዕ 3፡1-9፥ ግ.ሓ. 27፡27-34፥ ሉቃ 10፡25-37።

ምስባክ፡ ያዐርግ ደመናተ እምአጽናፈ ምድር ወገብረ መብረቀ ለጊዜ ዝናም፥ ዘያወጽኦም ለነፋሳት እመዛግብቲሆሙ።ንግመ ኻብ ወሰን ምድሪ ኸም ዚለዓል ይገብሮ፥ ብጊዜ ዝናም መብረቕ ይገብር፥ ንንፋስ ካብ መዝገቡ የውጽአ መዝ 135፡7።

አብዚ ሰንበት ዘአንቅዕት አምላኽ ምሳና አብ ጥቓና ብቃሉን ብኸማና ዝበሉ ሰባት ከምዘሎ ክንሓስብን ክነስተንትን ዝሕግዘና ፍሉይ ሰንበት እዩ። ከም ምስሊ ናይ እቲ ብዓይኒ ዘይርአ አምላኽን ከም ሕያዋይ ሳምራውን ክርስቶስ ሎሚ እውን አብ ኩሉ ኩነታት ሕይወትና ምሳና አሎ። ስለዚ ቤተ ክርስትያን ክነስተውዕለሉ እትሓተና ዘላ አምላኽ ብቃሉን አብ ብጾትናን ከምዘሎ ክንእመን። ክርስቶስ አብዚ ምድሪ ኩሉ ምሕረት ክገብር ከም ዝመጸ ዘኪርና ሎሚ ንሕና እውን ካብ ኩሉ መንፈሳውን ሥጋውን ሕማምና ክንሓዊ አብኡ ክንቀርብ ከም ዝግብአና የዘካኽረና።

እዋኑ ከም ሎሚ ከይኮነ ኩሉ ሩባታት ማይ ዝነቕዑሉ ጎቦታት ሽንጭሮታት ኩሉ ድምጺ ውሓዚ ማይ ዝስምዓሉ መንፈስካ ፍሉይ ርግአትን ሓጎስን ዝስምዓሉ እዋን እዩ፥ በዚ ምኽንያት እዩ ሰናብትና ምስ ግዚኡ ከስምዕ ተባሂሉዘደመና፥ ዘአንቅዕቲ፥ዘመብረቕ፥ ዘነጎድጓድ እናተባህሉ ዝስመዩ። በዚ አምሳል ብጾጋ አምላኽ ተሸሊምና ንኻልኦት አሕዋትና እውን አብ አምላኽ ክምለሱ እሞ ጸግኡን ምሕረቱን ከስተማቕሩ ክንሕግዝ ከም ዝግብአና ፈሊጥና አብ ሓገዝ አሕዋትና ክንወፍር ዘዘኻክር ሰንበት ኢና ነብዕል ዘሎና።

አብ ዘዳግም 30፡10-14 ዘሎ እንተ ርአና ሙሴ ቅድሚ ሞቱ ንደቂ እስራኤል ናይ ስንብትን ምፍናውን ዝሃቦ ዘረባን ናይ መጨረሻ መምርሒን ነንብብ። አብዚ እቲ ቀንዲ አትኩሮ አብ ቃል አምላኽ ጸኒዖም ክነብሩ ዝነግር እዩ፥ እዚ ማለት ከአ ከምቲ አብ ቅዱስ መጽሓፍ ዘሎ ትእዛዛቱ ከኽብሩ ኪዳኑ ክሕልዉ ብኻልኦት ተጸልዮም ንአምላክ ከየጕህዩ አትሪሩ ነጊርዎም። ዘረባ ሙሴ ንአና እውን ዘዘኻኽረና መልእኽቲ አለዎ፥ አምላኽ ሎሚ እውን ምሳና አሎ አብ መንገና ኮይኑ ከም ቀደም ጽግኡ ክህበና ስንድው እዩ ሓንትስ ትእዛዛቱን ቃሉን ንስማዕን ንሓሉን እምበር። ሙሴ ንሕጊ አምላኽ ክነግሮም እንከሎ . . . እዚ ሕጊ እዚ ኵኖ ወይ ልዕሊ ክእለትኩም አይ ኮነን ወይ እውን ዘይትርድእዎ አይ ኮነን. . . . . እናበለ ካብ ዓቕሞም ንላዕሊ ስለ ዘይኮነ ክሕልውዎ ከም ዝግባእ ነጊርዎም፥ ንአና እውን ከምኡ እዩ፥ ሕጊ አምላኽ ካብ ዓቕምና ንላዕሊ

ኣይኮነን እኳ ድአ ክትፍጽሞ ዝቐለለ እዩ፥ ኣምላኽ ከአ ካብ ዓቕምና ንላዕሊ ኣይሓድገናን እዩ። መጠን ኣብኡ ዝቐረብናን ቃሉ ሰሚዕና ሕይወትና ዝመራሕናሉ መጠኑ ሰላም ፍቕሪ ቅሳነት ኣብ ሕይወትና ይርአ። እቲ ብፍቕሪ ዝፈጠረና ኣምላኽ ከድሕነና ክመርሓና ኩሉ ጊዜ ምስ ደለየ እዩ ሓንትስ ንሕና ንቕረቦን ንስማዓዮን።

ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ክንረኽቦ መንፈስ ቅዱስ ዓይኒ ኣእምሮና ከብርሃልና ንለምኖ። ንቃሉ ክንእዘዝን ክንሰምዕን ሕይወትና ብእኡ ክንመርሕ ዝተጸዋዕና ኢና ምኽንያቱ ናይ ሕይወት ምንጪ ስለ ዝኾነ። ኣምላኽ ብቃሉ ገሩ ምሉእ ርእሱ ገሊጹልና ግን እቶም ተጊሆም ዝጽዕሩ ጥራሕ እዮም ክረኽብዎ ዝኽእሉ። ትሑታት ነዚ ርእዮም ኪሕጎሱ እዮም፥ እቶም ንኣምላኽ ዜምልኽዎ ኸአ ይጸናንዑ (መዝ. 69፡32)። ዝቐለለ መገዲ ብቐረባ ኣብ ጥቓ ኣምላኽ ከም እንኸውን ዝገብረና ንቃሉ ኣብ መዓልታዊ ሕይወትና ክነብሮ ከሎና ጥራሕ እዩ።

ኣብ ሕይወት ብዙሓት እንተ ረኣና ኣፍልጦ ቅዱስ መጽሓፍን ርድኢቱን ዝህቦ ጸጋን ስአን ምርዳእ ከይፈለጥናዮን ከይተረዳእናዮን ንነብር። እንታይ እዩ ኣብዚ ዘብጽሓና? ስለምታይ ኢና ቃሉ ዕለት ዕለት ክንሰንቀ ዘይንደሊ?ገለ ካብቲ ብዙሕ ምኽንያታት እዚ ዝስዕብ ክኸውን ይኽእል።

- ዘይምፍላጥ: ካቶሊካውያን ኣፍልጦና ብዛዕባ ቅ. መጽሓፍ ውሑድ እዩ፥ ኣይነንብቦን ኢና። ቅድሚ ፪ይ ጉባኤ ቫቲካን ምእመናን ቅ. መጽሓፍ ባዕሎም ከንብብዎ ተተባባዕ ኣይነበረትን ብፍላይ ከኒሻ ካብ ቤተ ክርስትያን ምስተፈልዩ ምኽንያቱ ብዙሓት ካብቶም ደለይቲ ለውጢ ከምድላዮም ይትርጉምዎ ስለ ዝነበሩ፥ ቤተ ክርስትያን ካብዚ ተበጊሳ ምእመናን ዘይግብእ ትርጉም ከይህብዎ ብማለት ካህን ከምኡ ኣፍልጦ ዘለዎ ጥራሕ እዩ ክገልጽን ከንብብን ዝብል ባህሊ ኣተኣታትያ ካብዚ ዝተላዕለ ንቅ. መጽሓፍ ምንባባ ልሙድ ኣይ ነበረን። ር.ሊ.ጳ. ልዮን XIII "Providentissumis Deus ብኅዳር 18 1893 ኣብ ዝጸሓፍዎ ከምኡ ፕዮስ XII Divno Afflante Spiritus ብ1945 ዝተጸሓፉ ጳጳሳውያን ጽሑፋት ግን ቅ. መጽሓፍ ብዝያዳ ክንርድኦን ክነንብቦን ኣዊጀምልና። ቅ. ጂሮም ድንቁርና ቅ. መጽሓፍ ድንቁርና ክርስቶስ እዩ ከም ዝበሎ ንክርስቶስ ክንፈልጥ ቅ. መጽሓፍ ክነንብብ ክንርዳእ ክንፈልጥ ኣሎና።

- ልምዲ ምንባብ ቅ. መጽሓፍ የብልናን። ንቅ. መጽሓፍ መዓልታዊ ከም መግቢ ዕለትናን ክነንብቦ ክንሰምዖ ዝብል ልምዲ የብልናን። እዚ ኣብዘይ ምፍላጥ ኣብጺሑና። መዓልታዊ ክነንብብ እንከሎና ቃል ኣምላኽ ኢና እንሰምዕ እዚ ኸአ ዝዓበየ ጸሎት እዩ። ባህሊ ንባብ ቅ. መጽሓፍ ኣብ ስድራታት ክተኣታቶ ኩልና ክንጽዕር ኣሎና። ቃል ኣምላኽ ዘንብብ ኣምላኽ ምስኡ ኣሎ።

- ትርጉምን ርድኢትን ቅ. መጽሓፍን ትውፊትን እተስተምህረና ቤተ ክርስትያን ጥራሕ እያ። ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሓ ከም እትገልጸልና ዘይምፍላጥ ንብዙሓት ኣብ ጌጋ ኣውዲቕዎም። ክርስቶስ ብዝሃባ ስልጣን ቤተ ክርስትያን እያ ዋና ቅ. መጽሓፍ። ሎሚ ንቃል ኣምላኽ በብዝደለይዎ ኣንቢቦም ዝትርጉሙ ማእለያ የብሎምን። ነቲ ቤተ ክርስትያን እተቕርቦ ትምህርትን መጽናዕትን ጥራሕ ክንክተል ኣሎና እዚ ኸአ ኣብ ሓቀኛ ርድኢት ቃል ኣምላኽ የብጽሓና።

ቅ. መጽሓፍ ቃል ኣምላኽ ስለ ዝኾነ እሞ ብቐረባ ንኣምላኽ ከም እንረክብን እንሰምዕን ስለ ዝገብረና ክፍሊ ሕይወትና ገርና ክንጥቀመሉ ኣሎና። ቅ. መጽሓፍ ናይ መከራኸሪ መጽሓፍ ኣይ ኮነንን ገለ ሰባት ከምዚ እዩ ዝብል ከምዚ እባ እናበሉ ዝካትዑ ብዙሓት እዮም ኣብዚ እዩ እቲ

መናፍቕነትን ዘይትርጉምን ዝመጽእ ስለዚ ቅ. መጽሓፍ መጸለዪ ንአምላኽ ክንሰምዕ ባብ ዝከፍት ስለ ዝኾነ ከምቲ ቤተ ክርስትያን እትብለና ሰሚዕና ክንምራሕ ይግብአና እምበር ከከም ዝደለናዮ ክነንብቦ እንተ ኾና ዘይ ናቱ ትርጉም ክንህቦ ቀሊል እዩ።

ቅ. ጳውሎስ ናብ ሰብ ቆላስያስ ዝጸሓፉ ንሎሚ ዝተነበትልና አምላኽ ክሳብ ክንደይ ምሳና አብ ጥቓና ከም ዘሎ ክንሓስብ ይነግረና። ብወዱ ኢየሱስ ክርስቶስ (ናይ እቲ ዘይርአ አምላኽ ምስልን ልዕሊ ኹሉ ፍጥረት ዝኾነ በዂሪ ወዱ) ገሩ አብ መንጎና ሓዲሩ ቃሉ አስሚዑና እናበለ አትኩሮና አብቲ አምላኽ አብ መንጎና ክኃድር ኢሉ ብኢየሱስ ክርስቶስ ዝመጽአና ጌርና ምስኡ ክንዕረቕ ከም ዝግብአና ይነግረና። ከምኡ ቤተ ክርስትያን ከም ሰውነት ክርስቶስ ህያው ግዙፍ ኅላዌ አብ መንጎና ከምዘሎ እትገልጽ ምኳኑ ክንርዳእ ይነግረና።

አብ ናይ ሎሚ ወንጌል እቲ ምሁር ሕጊ ንኢየሱስ መን እዩ ብጻየይ እሉ ምስ ሓተቶ ኢየሱስ ክምልሰሉ እንከሎ አብ ቅዱስ መጽሓፍ እንታይ ከም ዝብል እዩ ሓቲትዎ። እዚ ኸአ አምላኽ አብ ቃሉ ከም ዝርከብ ከረድኦ ኢሉ እዩ። ንአምላኽ ምፍቃር ማለት ንቃሉ ምፍቃር እዩ። ነዚ ብዝያዳ ክገልጽ ኢሉ ናይ እቲ ሕያዋይ ሳምራዊ ምሳሌ አምጺእሉ። ቃል አምላኽ አብቲ ሕያዋይ ሳምራዊ ሕያው ኮይኑ። ቃል አምላኽ ኢየሱስ ክርስቶስ ብርእሱ እዩ፥ ንሱ ይዛረበና ከምቲ ሕያዋይ ሳምራዊ ከአ ኩሉ ጊዜ አብ ጥቓና አሎ ሓንትስ ርኢና ንኽአል እምበር።

ናይ ሎሚ ወንጌል ከመይ ኢሉ አምላኽ ብኻልእ መገዲ ምሳና ከምዘሎ እውን ይገልጸልና፥ እዚ ማለት ከአ አብ ብጻይና አብ ከማና ዝአመሰለ ሰብ ዓለቱ ሃይማኖቱ እንታይነቱ ብዘየገድስ ማለት እዩ። ከም ሕያዋይ መምህር ኩሉ ጊዜ አብኡ ክንቀርብ እንከሎና ሓንጎፉይ ኢሉ ይቕበለና አብቲ እንገብሮ ንአሽቱ ነገራት ምሳና አሎ። ንሱ አብ ቅዱስ መጽሓፍ፥ አብ ድኻታት፥ አብ ቅኑዓት፥ ጻድቃናት፥ አብ ሕሙማትን ድኹማትን አብቶም ብሰብ ዝተናዕቁ አቢሉ አብ ጥቓና አሎ። ከምቲ ሕያዋይ ሳምራዊ አብዚአቶም ክንረኽቦ እንተ ፈተና አብኡ ክጸንሓና እዩ።

እቲ ሳምራዊ መን እዩ ሓወይ ንዝብል ድሮ ይፈልጦ ነሩ እዩ። ኩሉ ሓወይ ሓፍተይ ኢሉ ዝአምን ሰብ ከምዝነበረ አብቲ ዝገበሮ አብ ግብሪ አርእዩ። ነቲ ቅ. ጳውሎስ ዝብሎ ሓቂ ዝኾነ ነገር ድሮ ይፈልጦ ነሩ ዂሎም ብአኡ ዝተፈጥሩ እዮም። መበቆል ፍጥረትና ካብ ሓደ አምላኽ ስለ ዝኾነ ንኹሉ ብሓደ ዓይኒ ክንርኢ ከም ዝግብአና እዚ ሳምራዊ ድሮ ፈሊጥዎ አብ ምሕጋዝ ሓዉ ድሕር አይ በለን።

ንሱ ነቶም ንክርስቶስ አብ ሕሙማት አብ ቍሱላት አብ ድኻታት ዝደልይዎ ይውክል። ከምኡ ንክርስቶስ እቲ ባዕሉ ሕያዋይ ሳምራዊ ብዝበለጸን ዝልዓለን ይውክል። ክንደክም ክንሓምም ክንጽላእን ንበይንና ክንከውን ከሎና ክሕግዘና ቀልጢፉ ይመጽእ። ካብ ቍስልናን ካብ ኩሉ ጸገማትናን ክሕውየና ኩሉ ጊዜ ምስ ደለየ እዩ፥ ክአልየና ከሕውየና ኢሉ ኩሉ ጊዜ አብ ጥቓና አሎ... አምላኹ ዚቐርቦ ህዝቢ ክንደይ ዓቢ ክቡር ህዝቢ እዩ (ዘዳግ 4፡7)።

ሕያዋይ ሳምራዊ ብብዙሕ መገዲ እዩ ዝምህረና ንሱ ነቲ አይ ምዉት አይ ስሩር ዝነበረ ሰብ እሞ እቶም ካህናት ረጊጾሞ ዝከዱ ካብ ቍስሉ ብዘይትን ወይኒን ገሩ ሓጺቡ ጥራሕ አይ ኮነን አሕውይዎ፥ አብቲ ብስነ አእምራውን ስምዒትን ተጎዲኡ ዝነበረ ፍቕሪ ሓልዮት አርእይዎ፥ ፍቕሪ ኸአ ልክዕ ከምቲ ዘይትን ወይንን መዝነን ኮይኑ ክሓዊ ሓጊስዝዎ። አብ ልዕለና ክፉእ ዝገብሩ ሰባት ከምኡ ንሕና አብ ልዕሊ ካልኦት ክፉእ ክንገብር እንከሎና ንርእሶም ተጎዲኦም ከምዘለዉ ከይፈለጡ ወይ ከይፈለጥና ኢና እንገብሮ። ዝበለጸ ፈውሲ ናይ እዚ ኩሉ ፍቕሪ እዩ። ንሰባት እንተ ዘይ አፍቂርናዮም ኩሉ ጊዜ ቍሱሉት ኮይኖም እዮም ዝነብሩ ክነፍቅሮም

ይግብኣና። ብርግጽ ፍቕሪ ክትህብ ኣብ ገለ እዋን ቀሊል ኣይ ኮነን ግን ክነሕውዮም ወይ ክንሕግዞም እንተ ኾና ፍቕሪ ዓቢ ተራ ኣለዋ።

ኣብ ሕይወትና ምልስ ኢልና እንተ ርአና ንርእስና ንሓደ/ንቲ ብዝኾነ ምኽንያት ኣብ ሕማቕ ኩነታት ወዲቆም ዘለዉ ካብ ዘለውዎ ክነተንሥኦም ፈቲናዶ ንፈልጥ። ቍስሊ ሰባት ክተሕዊ ፈቲንካ/ኪዶ ትፍለጥ/ጢ ወይ ኩሉ ጊዜ ክትሕገዝ ክግበረልካ/ኪ ኢኻ/ኺ እትደሊ። ኣብ ሕይወትና ንድሕሪት ግልጽ ኢልና ንርአ እሞ ብርግጽ ኣብ ሕይወቱ/ታ ኣብ ሕማቕ ኩነታት ዝነበረ ሓጊዝና ንኸውን ሽዑ ክንሕግዝ ከሎና ንኢየሱስ ኢና ሓጊዝና ካብዞም ንኣሸቱ ንሓደ ዝገበርክምዎ ንኣይ ገበርክምዎ (ማቴ 25፥40) ይብለና።

በዚ ብሩኽ ሰንበት እምብኣር መጀመርያ ቃል ኣምላኽ ክነንብብን ክንርዳእን መዓልቲ መጻ ክንገብሮ ዘሎና ክንዝክር፥ ከምኡ ኣምላኽ ኩሉ ጊዜ ኣብ ሰናይ ነገር ክንወፍር እንከሎና ኣብ ጥቓና ከምዘሎ ፈሊጥና ከምቲ ሕያዋይ ሳምራዊ ኣብ ምድኃን ኣሕዋት ክንወፍር ነቶም ብዝተፈላለየ ምኽንያት ተጎዲኦም ቆሲሎም ዘለዉ ዝሓውዩሉ መገዲ ክንረክብ ልብና እምነትና ኣብ ኣምላኽ ገርና ንውፈር ነዚ ኸአ የብቅዓና።

ብሩኽ ሰንበትን ጠለት ዝመልኦ ክራማት ይግበረልና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ